## ብኣጠቓላሊ

ኣብ ዓዲ-ጥልያን ናይ ማሕጸን ጫፍ ካንሰር ኣብ ትሕቲ 50 ዓመት ዘለወን ደቀ’ንስትዮ ዝውቱር ሓሙሻይ ሕማም ኢዩ (AIOM.2020)። ዋላኳ ድሓን መሲለን እንተተራእያ ካብ 25 ክሳብ 29 ዕድሜ ዘለወን ደቀ’ንስትዮ ብዘይምቁራጽ ኣብ ሰሰለስተ ዓመት PAP test ኪገብራ ከም ዘ’ውን ካብ 30 ክሳብ 64 ዓመት ዘለወን ኣብ ሓሓሙሽተ ዓመት HPV test ክገብራ ጽቡቅ ኢዩ ። ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ምድጋሙ ኣድላዪ ኣይኮነን ። ኣብ’ዚኣቶም ዝተጠቕሱ ግዚያት ኩለን ደቀ’ንስትዮ ክጽወዓ ኢየን ። እዚኣቶም መርመራታት ዝበለጹ ውጽኢታት ምእንታን ንኽምጽኡ ዝስዕቡ ሕጊታት ምኽባር የድሊ - ካብ’ቲይ ናይ መወዳእታ ግብረ-ስጋ ርክብ 48 ስዓታት ክሓልፉ ኣለዎም ከምኡውን ኣብ ብልዕቲ ናይ ቆጽሊ ሽቶ ወይ ክረም ካብ ትጥቀም 3 መዓልቲ ክሓልፍ ኣለዎ። ቆጸራ መዓልቲ ካብ’ቲይ ናይ ኣደታታ ደም ዝረኣያ ቅድሚ ወይ ድሕሪ 3 መዓልቲ ኪኸውን ኣለዎ። ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝምልከቶ ናይ ማሕጸን ሓኪም ኣድላዪ ኮይኑ ምስ ዝረኽቦ ክልቲኦም ዓይነት መርመራታት ናብ ካልእ ዕለት ክቕየሩ ይከኣሉ ኢዮም። ቅድሚ ሕጂ ካብ ASL ዕድመ እንድሕሪ ዘይተጌሩልኪ ወይ ከኣ ኣብ’ዚይ ፕሮግራም ምጽምባርኪ ምስዘይህሊ ናብ ዝምልከትኪ ASL ናይ ነጻ ቁጽሪ ስልኪ ብምጥቃም ትድውሊ’ ሞ ቆጸራ ምውሳድ ይከኣል’ዩ። ናይ STP ወይ ENI ካርድ ዘለዎም ወይ ናይ ወጻኢ ሕብረት ኤውሮጳ ዜጋታት እውን ክሕዙ ይኽእሉ።

*ኩሎም ዝእከቡ ናይ ብሕቲ መረዳእታት ብናይ ሚስጥራውነትን ብናይ ሕለዋ መረዳታትን ሕጊታትን ኢዮም ዝመሓደሩ። ምስዘድሊ በ’ቲይ መርመራ ምኽንያት ካብ ስራሕ ምብኳር ዘመልክት ናይ ምስክር ወረቐት ክወሃብ’ዩ። ተወሳኺ ሓቤረታ ንምርካብ ወይ ናይ ቆጸራ መዓልቲ ንምቕያር በ’ቲይ ነጻ ስልኪ ናብ ናትኪ ASL ደውሊ።*

*AIOM 2020

| ASL | Screening | Numero Verde | Orari |
|---|---|---|---|
| **Roma 1** | Mammella<br>**Cervice**<br>Colon Retto | 800 536 693 | da Lun a Ven<br>8:00-17:00 |
| **Roma 2** | Mammella<br>**Cervice**<br>Colon Retto | 800 405 051 | da Lun a Ven<br>8:00-18:00 |
| **Roma 3** | Mammella<br>**Cervice**<br>Colon Retto | 800 634 634 | da Lun a Ven<br>8:30-17:00 |
| **Roma 4** | Mammella<br>**Cervice**<br>Colon Retto | 800 539 762 | da Lun a Ven<br>9:00-13:00 |
| **Roma 5** | Mammella<br>**Cervice**<br>Colon Retto | 800 894 549 | da Lun a Ven<br>9:00-13:00<br>e 14:00-17:00 |
| **Roma 6** | Mammella<br>e Colon Retto | 800 430 264 | da Lun a Ven<br>15:00-19:00 |
| | **Cervice** | 800 160 622 | |
| **Viterbo** | Mammella<br>**Cervice**<br>Colon Retto | 800 840 359 | da Lun a Ven<br>9:00-13:00 |
| **Rieti** | Mammella<br>**Cervice**<br>Colon Retto | 800 646 999 | da Lun a Ven<br>9:00-13:00 |
| **Latina** | Mammella<br>**Cervice**<br>Colon Retto | 800 065 560 | da Lun a Ven<br>9:00-13:00<br>da Lun a Gio<br>15:00-17:00 |
| **Frosinone** | Mammella<br>**Cervice**<br>Colon Retto | 800 003 422 | da Lun a Ven<br>9:30-13:30 |

**Per prenotare gli esami di screening scansionare il QR code**
*prenotascreening.regione.lazio.it*


MEDECINS SANS FRONTIERES
MEDICI SENZA FRONTIERE

*Traduzione in Tigrino curata da Medici Senza Frontiere nell’ambito del protocollo d’intesa con la Asl Roma 2.*

**www.salutelazio.it**

# PAP HPV TEST

## LE ABITUDINI CHE FANNO BENE



መደብ መርመራ መንሽሮ ማህጸን

ካብ 25 ክሳብ 64 ዓመት ዝዕድሚኦን ደቂ ኣንስትዮ ነጻ

SALUTE LAZIO
SISTEMA SANITARIO REGIONALE

REGIONE LAZIO

## ስለምንታይ ካብ ናትካ ASL ዕድመ ተገይሩልኪ?

ክልተ መደበኛታትን ቀለልትንመርመራ ብምክናወን ብቕድም ኣብ ማሕጸን ጫፍ ክበጽሕ ካብ ዝኽእል ጉድእት ምክልኻል ከምዝከኣል ንደቂ’ንስትዮ ንምዝኽኻር ኢዩ።እዚይ ማለት ከአ PAP test (ኣብ ሰሰለስተ ዓመት ካብ 25 ክሳብ 29 ዓመት ዘለወን) ከምኡ’ውን HPV HR ኣብ ሓሓሙሽተ ዓመት ካብ 30 ክሳብ 64 ዓመት ንዘለወን)ብምግባር። ዕላማኡ ነቶም ምንም ምልክታት ዘይህቡ ናይ መጀመርያ ቁስሊታት ንምሕካምን ናብ ካርቺኖማ ናይ ምዝንባል ዝግመት ለውጢ ንምውጋድ ዝተዓለመ ኢዩ። እዚይ ናይ መጻረዪ ፕሮግራም ካብ PAP test ኮነ HPV test ክሳብ ዕሙቕ ዝበሉ መርመራታትን ሕክምናታትን ብነጻ ኢዩ ዝወሃብ ኢዩ። ቅድሞ ሕጂ ፈጺምካ ካብ ASL ዕድመ ዘይበጽሓኪእንተኾይኑ ወይ ናይ’ዚይ ፕሮግራም ተሳታፊት እንድሕሪ ዘይኮይንኪ ናብ ናትኪ ASL ብምድዋል ቆጸራ ክትወስዲ ትኽእሊ ኢኺ።

## PAP test እንታይ ማለት’ዩ?

ሓድሓደ ላዕለዎት ህዋሳት ካብ ክሳድ ማሕጸን ብንእሽተይ መሓግሓጊ ብምውሳድ ናይ መጉዳእቲ ለውጢታት ኣብ ሕብረ ህዋሳት እንተሎ ንምግምጋም ዝግበር’ዩ። እዚይ ዓይነት መርመራ ከኣ ኣብ ሰሰለስተ ዓመት ካብ 25 ክሳብ 29 ዕድመ ኣብ ዘለወን ዝግበር’ዩ።

## HPV test እንታይ’ዩ?

ሓድሓደ ላዕለዎት ህዋሳት ካብ ክሳድ ማሕጸን ብንእሽተይ መሓግሓጊ ብምውሳድ ምናልባት ፓፒሎማ ቪሩስ ምህላው ንምርርጋጽ ዝግበር’ዩ። HPV (ከምኡ’ውን DNA HPV test ተባሂሉ ዝጽዋዕ) ኣዚይ’ውን ኣብ ሓሓሙሽተ ዓመት ዝድገም ኮይኑስ ካብ 30 ክሳብ 64 ዓመት ኣብ ዘለወን ዝግበር’ዩ።

## ስለምንታይ ክልተ ዝተፈላለያ መርመራታት?

ምኽንያቱ ሳይንሳዊ ምርምር ከምዘርእዮ HPV test ካብ PAP test ብዝበለጸ ጉድኣታት የመልክት።ናይ’ዚይ ውጽኢታውነት ኣብ ደቀ’ንስትዮ ካብ 30 ክሳብ 64 ዕድመ ዘልወን ብሰፊሑ ተራእዩ ኢዩ። ናይ HPV ብከላ ክሳብ 25 ዓመት ዘለወን ኣዚዩ ዝለዓለ ኮይኑስ ባዕሉ ኣብ 80% ደቀን’ስትዮ ከምዝወርድ ይፍለጥ። ድሕሪ ናይ ዕድመ 30 ዓመት ኣንተቐጺሉ ናብ ካንሰር ዘምርሕ ጉድኣት ኣብ’ቲይ ናይ ማሕጸን ጫፍ ከምዘምጽእ ተራእዩ። ኣብ’ቲይ ናይ ምርግጋጽ ኣዋን (25-29) መንእሰያት ደቀ’ንስትዮ HPV test ኣንተኣከናዎና መብዛሕትኦም ጉድኣታት ባዕሎም ናብ ምድሓን ከምዝዝምብሉ ይፍለጥ፥ እኒ ድኣ ዘየድልዩ መርመራታትን ሕክምናን ምክናው ናብ ዓቢይ ስግኣት’ዩ ዝወስድ። ብ’ዚይ ምኽንያት ብዕድመ 25-29 ዓመት ንዘለወን PAP test ምግባር ዋናን ኣዚዩ ውጽኢታዊን መርመራ ኮኢኑ ተረኺቡ’ሎ።

## የሕሙሙ ድዮም?

ፈጺሙ። ንገሊኤን ደቂ’ንስትዮ በቲይ ናይ ስፐኩሉም ምኽፋት ንቒሩባት ደቓይቕ ናይ ምድዋሽ ምልክት ይህብ’ዩ።

## ድሕሪ’ቲይ መርመራ ምግባርክ?

ልሙድ ውጽኢት ምስዝርከብ እቲይ ናይ መጻረዪ ማዕከል ናብታ ዝምልከታ ሰብ ናይ’ቲይ መርመራ ኣሉታዊ ውጽ ኢት ዝገልጽ መልእኽቲ ብምስዳድ ርክብ ከምኡ’ውን ካልእ ከምበሓዲሽ እዚይ መርመራ ኣብ ሰሰለስተ ዓመታት ወይ ከኣ ኣብ ሓሓሙሽተ ዓመታት (ከም ናይ ዕድመ ግሩፕ) ንኽትደግሞ ይዕድማ። ናይ መርመራ ውጽኢት ኣዎንታዊ እንድሕሪ ኮይኑ ብነጻ ኣድላዪን ዝዓሞቓን መርመራ ማለት ኮልፖስኮፒያ ንምግባር ነቲ ኣ ሰበይቲ ብስልኪ ውጽ ኢቱ ይንገራ’ሞ ኩሉሳዕ ብነጻ ካልእ ኣድላዩ ተወሳኺ ዑምቀት መርመራ ኮልፖስኮፒያ ንኽትገብር ዕድመ ይግበረላ። ምናልባት ካልእ መጽናዕቲን ሕክምናን ምስዘድልዩ ቆጸራ ብምውሳድ ብቐጥታን ብነጻን ክወሃብ ይከኣል’ዩ።

## ክኣምን ይኽእልዶየ?

ሓደ ፍሉጥ ናይ ሳቶሎጂ ማዕከል ነዚኣኣቶም መርመራታት የንብብ ብተውሳኺ ‘ውን ብባዮሞለኩላር ትንተና ተሞክሮ ሃሊዩዎስ ኣብ ዓመት 15.00 ናይ PAP test ከም ኡ’ዉን 500 ናይ PAP-DNA ዘካይድ’ዩ። ኩኩ ኣኻይዳ ንናይ ብሄራዊን ንናይ ኣውሮጳ መምሪሒታት ዝኽተል ኮይኑ ናይ ዓይነት ቁጽጽር ይግበረሉ ኢዩ።

